# ናይ ሕውነትን ምሕዝነትን ደገፍ ንኤርትራውያን ኣብ ሃገረ ሽወደን ካብ ኤርትራውያን ኣብ ኦክላንድን ከባቢኣን - በይ ኣረያ።

ዘሎናዮ እዋን፡ ተግባረ ራዕድን ሽበራን፡ ኣብ ዓበይቲ ኣህጉራውያን ትካላትን መንግስታትን፡ በሪኽ ቦታ ሒዙሉ ኣብ ዘሎ እዋን፡ መማሳመሲ ኮይኑ፡ ንኤርትራ ኣብ ቀይዲ ንምእታው ዘዋናውን ስልቲ ኮይኑ ጸኒሑ'ሎ። ብመንጽር ናይዚ ድማ፡ ንመንግስትና ኣብ ባይቶ ሕቡራት መንግስታት ከም መዋሊ ተግባረ ሽበራ ሶማል ከሲሶም ከምበርክኽዎ ፈቲኖም። ሳላ ሓያል ህዝባውን መንግስታውን መኸተ ፈሺሉ። ከንቱ ፈተነ።
ህዝቢ ካብ መንግስቱ ንምንጻል ኣብ ዝተወጠነ ስልቶም፡ ሓደ ካብቲ ቀዳምነት ዝሃብዎ ወስታ፡ ነዚ ኣብ ምዕራብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዘሎ ኳዕናን ህዝቢ ኤርትራ፡ ቆንስላዊ ቤት ጽሕፈቱ ዓጺኻ ነቲ ሃገራዊ መንፈስ ኤርትራውያን ኣህሲስካ ምስ መንግስቱ ዘለዎ ዝምድና ምብታኽ ዝብል ስትራተጂ ተሓንጺጹ ኔሩ። ኣይኮነሎምን ግን። ብኣንጻሩ፡ ኤርትራውያን ናይ ምትዕጽጻፍ ተሞክሮኦም ተጠቒሞም፡ መጻወድያታቶም ሰንጢቖም ንቡር ሂወቶም ቀጺሎም። ተጻባእቲ፡ ናብ ካልእ ሜላ ሰጊሮም። ጥሩፋዊ ተግባረ ሽበራ ተጠቒሞም፡ ናብ ንብረት ማሕበረኮም ኤርትራውያን ብደናጉላ ምስባርን ናብ ውግሐ-ጸብሐ ምህዳድን ኣትዮም። ኣብ ልዕሊ ግዝኣተ ሞሮር ግዝኣተ ሕጊ ከምዝዕወት ብግብሪ ተራእዩ። ኣብ ቤት ፍርዲ ብሓንቲ እግሮም ጠል-ጠል ከምዝብሉ ኮይኖም። ጌናው'ን ክንጥልጠሉ ኢዮም።

እዚ ኣብ ሽወደን ዝተራእየ ኣጸያፊ ተግባርን ኣብ ኦክላንድ ዝተፈጸም ዕንደራን፡ ብሓደ ዕላማ ዝተቃነየ፡ ጸረ ባህላዊ ክብቲታት ኤርትራ ኢዩ። ፎእ! ዝብሃልን ብግብሪ ዝድሃኽን፡ ኣብ ጎዱፍ ታሪኽ መዘክር ዝጕሓፍን ኢዩ። በዚ ኣጋጣሚ፡ ኤርትራውያን ኣብ ኦክላንድን ከባቢኣን፡-

1. ነቲ ኣብ መጋቢት 22 ኣብ ስቶኮልም ክካየድ ተወጢኑ ዘሎ ሰላማዊ ሰልፊ ኤርትራውያን ብምድጋፍን ብምምጓስን፡ ኣብ ጎድኖም ከምዘሎና እናሓበርና፡-
2. ነመንግስቲ ሽወደን፡ ነቲ ታሪኽ ዝመስከረሉ ቅሱን ሂወትን ናይ ምትሕግጋዝ ባህልን ህዝቢ ሽወደን ኣብ ቦትኡ ንክጸንዕ፡ እቶም ንሽወደን ከም ካልኣይ ቤቶም ወሲዶም፡ ኣብቲ ርጉእ ሂወትን ስነምግባርን እጃሞም ከበርክቱ ዝጸንሑ ኤርትራውያ-ሽወዳናውያን ዝወርዶም ዘሎ ግፍዕን ኣደራዕን ዓገብ ክብል፡-
3. እዞም ንተግባረ ራዕድን ሽበራን ተጠቒሞም፡ ኮነ ኢሎም ሂወት ደቂ ሰባት ከጥፍኡ፡ ተዓጢቆም ዘለዉ ኣረማናውያን ሰባት፡ ብዘይ ግብዝና ፈቲሹ ኣብ ሕጊ ከቕርብ ንጽውዕ።
4. መንግስቲ ሽወደን፡ እኹል ዓቕሚ ኣዋፊሩ፡ ነዞም ሰባት ኣብ ቀይዲ ምስዘይእቱ፡ ሳዕቤናቱ እከይ ምኳኑ ክግምት፡ ደጊምና ንጽውዕ።
5. ኤርትራውያን ኣብ ሽወደን፡ ኣብ ልዕለኹም ዝውሰድ ዘሎ ትልሚ ሓሳዳት፡ ተባዕን ቆራጽን ጅግንነትኩም ኣርዒድዎም፡ ንህዝብኹምን ሃገርኩምን ዘለኩም ዘቃጽል ፍቕሪ ኣቕኒኡዎም፡ ብኡ መጠን እተሳላስልዎ ልዑል ሚዛን ዝውሃቦ ኣበርክቶኹም ዘይተዋሕጠሎም ናይ ውሽጥን ግዳምን ዑሱባት፡ ፡ በዚ ጠርባሽ ፈተነ ከርዕድኹም ማለት ዘበት'ዩ። ዓጸፋ፡ ብድሆ! ከምትብልዎም ምሉእ እምነትና ኢዩ። ኣጆኹም! ክኣ ንብለኩም።
6. ኣብ መላእ ዓለም ዘሎና ኤርትራውያን፡ ኣብ ከባቢና ንዝርከብ ኣብያተ ጽሕፈት መንግስቲ ሽወደን፡ ነቲ ልኡምን ህዱእን ባህልና ተጠቒምና፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን-ሽወዳውያን በደል ይፍጸም ከምዘሎ ሓቢርናን ኣዘኻኺርናን፡ ናብ መንግስቲ ሽወደን ስክፍታናን ጓሂናን ከማሓላልፉልና ንማሕጸኖም።
7. ተጣባቒቲ ሰብኣዊ መሰላት፡ ንዝተበገሰሉ ዕላማ ንምትግባር፡ እዚ ሓደ ካብቶም ዓበይቲ ኣብ ልዕሊ ሰባት ዝፍጸም ተግባረ ሽበራ ብምኳኑ፡ ክልተ መርገጺ ከየርእዩ እናተመነና፡ ንጸረ ግፍዒ መትከሎም ደው ክብሉን በዚ ጉዳይ'ዚ ድምጾም ከስምዑን ንጽውዕ።

ብዙሕ ተጻባኦታትን ሽርሕታትን ዘፍሸለ ህዝብና፡ በዝን ከምዝን ምኣዝን ጉዕዝኡ ከምዘየዛናብል፡ ዘይማትእ እምንቶና ኢዩ። ስሙር ህዝባዊ መኸተና ይቐጽል!

ኤርትራውያን ኣብ ኦክላንድን ከባቢኣን - መጋቢት 12 - 2013